# እንታይነት፣ ባእታታትን መትከላትን መሰጋገሪ ፍትሒ

## ብንጅላ ሰብ ሞያ ስራሕ መሰጋገሪ ፍትሒ ዝቐረበ


ትርጉም፦ **ለኣከ መኮነን ተስፋይ**
መካነ ኣእምሮ (ዩኒቨርሲቲ) ኣኽሱም
ኢ-መልእኽቲ- **happyleake@gmail.com**

**ወንድም ምዕሾ ኣብርሃ**
መካነ ኣእምሮ (ዩኒቨርሲቲ) ኣኽሱም
ኢ-መልእኽቲ: welentana@gmail.com



የሽግግር ፍትህ
TRANSITIONAL JUSTICE

# እንታይነት፣ ባእታታትን መትከላትን መሰጋገሪ ፍትሒ

- ተመኩሮ መሰጋገሪ ፍትሒ ኣብ ኢትዮጵያ፡- ካብ ድሕሪ ደርጊ ክሳብ ድሕሪ ኢህወዴግ

# ትሕዝቶ

- ክልተ ኽፍልታት ኣለውዎ፡
- ኣብ ክፍሊ ሓደ፡
  - ድሕረ-ባይታ መሰጋገሪ ፍትሒ
  - ትርጉም
  - ዕላማ
  - ባእታታት ወይ ስልትታት
  - መትከላት
- ኣብ ክፍሊ ኽልተ
  - ተመኩሮ መሰጋገሪ ፍትሒ ኣብ ኢትዮጵያ
  - ካብ ክሲ ክሳብ ኮሚሽን ዕርቀ ሰላም

# ድሕረ-ባይታ መሰጋገሪ ፍትሒ

- መሰጋገሪ ፍትሒ ዝብል ቃል ኣብ ምስግጋር ምስ ዘሎ ማሕበረሰብ ዝዛመድ ‘ዩ
- እቲ ምስግጋር፣
    - ❖ካብ ግጭት ሕድሕድ ወይ/ከምኡ ‘ውን
    - ❖ካብ ጨቋኒ መግዛእቲ ናብ ዲሞክራሰያዊ ስርዓት ዝግበር ከይዲ ምስግጋር እዩ።

# ድሕረ-ባይታ (ዝቐፀለ)

- **<u>እቲ ምስግጋር ዝመፀሉ መንገዲ</u>፥** ቅድሚ እቲ ምስግጋር ዝተፈፀሙ መጠነ-ሰፋሕትን መእለያ ዘይብሎም ግህሰታት ሰብኣዊ መሰል፣ መጉዳእትታት፣ ምክፍፋላት፣ ቅርሕንትታት፣ ዘይፍትሓዊ ሃፍቲ ኽፍፍል፣ ዝተዛብዐ ርክባትን ዝኣመሰሉን ፀገማት ፈቲሸካ ፍታሕ ምሃብ ወይ ድማ ሕሉፍ ገዲፍካ ንቕድሚት ምጥማት?
  - ❖ሰዓርን ስዑርን ብዘለዎ መንገዲ
  - ❖ብዘተ ወይ
  - ❖ብኻልእ መንገዲ ክኸውን ይኽእል
- "ምስግጋር" ዝብል ቃል ሓደ ፍሉይ ወቕቲ ንምምልካት ዘይኮነስ ዘሰካሕኽሕ ግጭትን ስርዓታዊ ወይ ከቢድ ሰብኣውን መሰል ህዝብታትን ዝግህስ ታሪኽ ዘለዎም ማሕበረ-ሰባት ናብ ቀፃሊ ሰላም ፍትሕን ዲሞክራስያዊ ስርዓትን ዝገብርዎ ጉዕዞ ዘርኢይ እዩ።

# ድሕረ-ባይታ (ዝቐፀለ)

- ክሳብ 1980ታት ኣ.ፈ ማእለያ ዘይብሎም ግህሰታት ሰብኣዊ መሰላት፣ ማእለያ ዘይብሉ ኢ-ፍትሓውነትን ጭቆናን ሱር ካብ ዝሰደደሉ ግጭት ሕድሕድ፣ ኵናት ወይ ካብ ጨቋኒ ስርዓት ብምውፃእ ኣብ ከይዲ ምስግጋር ኣብ ዝነበራ ሃገራት ብሰፍሓት ዝለተመደ፦
  - ❖ ዝሓለፈ ምትንካፍ ኣየድልን፡
  - ❖ ኣብ ምስግጋር ዘለዋ ሃገራት ትኹረት ዝጠልቡ ካልኦት ግዜ ዘይህቡ ዋኒናት ኣለወን። ስለዚ ዝሓለፈ ሓሊፉ እዩ፣ ምልዓል፣ ምትንካፍን ምድህሳስን ኣየድልን ብይቕሬታን ብምርሳዕን ንቕድሚት
  - ❖ ክሲ ብምጥቃም ንምድህሳስ ምፍታን
  - ❖ ኣብ ውሑዳት በደልቲ ክሲ ምምስራት
  - ❖ ካብ ኑረምበርግ፣ ቶክዮ…

# ዝቐፀለ

- ካብ መወዳእታ 1980ታት ጀሚሩ እዚ ኹነታት እንዳተለወጠ መፅዩ።
- ስለ ዝኾነ ‘ውን ዝሓለፈ ሓሊፉ እዩ ኢልካ ምግዳፍ ወይ ክሲ ጥራሕ ምጥቃም ዘይተባባዕ ኣካይዳ ኾይኑ እዩ።
- ካብ ግጨት ወይ ካብ ጨቋኒ ስርዓት ተላቒቐን ኣብ ከይዲ ምስግጋር ዘለዋ ሃገራት እቲ ዝሓለፈ ግህሰት፣ በደል፣ ቅርሕንቲ ምፍታሸን ግቡእ መልሲ ምሃብን ሕርያ ዘይብሉ ዋኒን ኮይኑ እዩ።

# ሕሉፍ ብግቡእ ምፍታሕን ኣድላይነት መፍትሒ ምሃብን

- ሕሉፍ በደል ብግቡእ እንተይፈተሽካ፣ እንተይፈታሕካ፣ ግቡእ ፍታሕን ምላሽን እንተይሃብካ፡
  - ❖እቲ ቑስልን መጉዳእትን ብኸይዲ ግዜ ክሓዩ/ክበሊ ኣይኽእልን፣ እኳ ደኣስ ንተመሳሳሊ ግጭት፣ ግህሰት ምኽንያት ይኸውን
  - ❖ኣብ ሓቂ፣ ምትእምማን፣ ዕርቅን ፍትሕን ዝተመስረተ ነባሪ ሰላም ኣብ ምፍጣር ዓንቃፊ ይኸውን
  - ❖ብተወሳኺ ሃገራት ምስ ግህሰት ሰብኣዊ መሰላት ተዛሚዱ ንዘለወን ግዴታ ዝፃባእ ይኸውን
- ስለ ዝኾነ 'ውን ኣብ ከይዲ ምስግጋር ዘለዋ ሃገራት ንዝሓለፉ ግህሰታት፣ በደላት፣ ቅርሕንቲታትን ካልኦት ምዝባዓትን ኣገዳስነት ዘለዎምን ነቲ ዓውዲ ዘገናዘቡን ስልትታት መሰጋገሪ ፍትሒ ብምሕንፃፅ ምፍታሕ ኣድላዪ ጥራሕ ዘይኮነስ ከም ግዴታ 'ውን ዝቑፀር እዩ።

# ሕሉፍ ምምርማር፥ ግድን ኽግበር ዘለዎ

- ዝሓለፈ ክቐየር፣ ክርሳዕ፣ ክመሓየሽ፤ ክድምሰስ ኣይኽእልን፤ ክትቅበሎ ጥራሕ ‘ዩ ዘለካ።

# ዝቐፀለ

- ስለ ዝኾነ ‘ውን ው.ሕ.መ፣ ሕ.ኣ ን ካልኦትን፡
  - ❖ዝተፈላለዩ ሰነዳት ብምድላው
  - ❖ተመኩሮታት ብምቕማር፣ ብምስናድ ከምኡ ‘ውን
  - ❖ኣብ ምስግጋር ንዘለዋ ሃገራት ዝተፈላለየ ደገፍ ብምሃብ ምእዋድ መሰጋገሪ ፍትሕን ከይዲ ምትግባርን ይድግፋ የበርትዓ

# ኣቃውማ/ስርዒት መሰጋገሪ ፍትሒ ው.ሕ.መ

- ኣይ.ሲ.ሲ.ፒ.ኣር/ICCPR
- ኣይ.ሲ.ኤስ.ኢ.ሲ.ኣር/ICSECR
- ካት/ CAT
- ውዕላት ጀኔቫን ሄግን
- ውዕል ጀኖሳይድ
- ኩሎም ዓይነት ዓሌታዊ ምፍልላያት ንምጥፋእ ዝወፀ ዓለም-ለኻዊ ውዕል
- ኣብ ደቅ-ኣንስትዮ ዝበፅሑ ኩሎም ዓይነት ምፍልላያት ንምጥፋእ ዝወፀ ዓለም-ለኻዊ ውዕል
- ውዕል መሰል ህፃውንቲ
- ውዕል ጉዱኣት ኣካል

# ዝቐፀለ

- መባእታዊ መትከላትን ሕንፃፃትን መሰል ግዳያት ከቢድ ግህሰታት ንምእራምን ንምኽሓስን ዝወፀ ብሓፈሻዊ ጉባኤ 60/147 ታህሳስ 2005 ኣ.ፈ ዝፀደቐ ቅዋም
- ንምሕላውን ምድንፋዕን ሰብኣዊ መሰላትን ዘይተሓታትነት ንምቅላስን ብ1997 ኣ.ፈ ዝወፁ እኩባት መትከላት ብ2005 ኣ.ፈ ድማ ዝተሓደሱ
- ኣብ ውግእን ድሕሪ ውግእን ዘለዉ ሕብረተሰብ ኣመልኪቱ ዋና ፀሓፊ ኣብ ልዕልና ሕግን መሰጋገሪ ፍትሕን ብ 2004፣ 2011 ኣ.ፈ ዘውፅኦ ፀብፃብ
- ዋና ፀሓፊ ኣተሓሕዛ ው.ሕ.መ ኣብ መሰጋገሪ ፍትሒ ኣመልኪቱ መምርሒ ሓበሬታ ሚያዝያ 19/2019 ዘውፅኦ
- OHCHR ኣብ ኣምራውን ትንተናውን መሳርሕታት ልዕልና ሕጊ ድሕሪ ግጭት ንዘለዉ ሕብረተሰብ (ካብ ክሲ ክሳብ ምእራም) ዘቕረቦም ስራሕቲ
- ዓለምና ምቕያር፡ ኣጀንዳ 2030 ንሓዋራዊ ምዕባለ

# ኣቃውማ/ስርዒት መሰጋገሪ ፍትሒ ኣ.ኅ

- ቻርተር ኣፍሪካ ኣብ ሰብኣውን መሰል ህዝብታትን
- መጣየሺ ሕጊ ሕብረት ኣፍሪካ
- ቻረተር ኣፍሪካ ኣብ መሰልን ድሕነትን ህፃውንቲ
- ፕሮቶኮል ማፑቶ
- ውዕል ካምፓላ
- መስራቲ ፕሮቶኮል ቤት ምኽሪ ሰላምን ድሕነትን ሕብረት ኣፍሪካ
- ፖሊሴ መሰጋገሪ ፍትሒ ሕብረት ኣፍሪካ (ብ2019 ኣ.ፍ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ዝፀደቐ)
- ዛዕባ 2063፡- እታ እንምነያ ኣፍሪካ
- ፖሊሲ ሕብረት ኣፍሪካ (2006)፡- ድሕሪ ግጭት ኣብ ዝግበር ዳግመ-ህንፀትን ምዕበላን

# ፖሊሲ መሰጋገሪ ፍትሒ ሕብረት ኣፍሪካ

- ኣብቲ መእተዊ ብግልፂ ከም ዝተቐመጠ፦
- እዚ ፖሊሲ መሰጋገሪ ፍትሒ ኣባል ሃገራት ሕ.ኣ ዲሞክራስያውን ማሕበረ-ኢኮኖሚያውን ለውጢ ንኸምፅኣ ነባሪ ሰላም፣ ፍትሒ፣ ዕርቂ፣ ማሕበራዊ ምትእስሳርን ፈውሲ ክረኽባ ዘኽእለን ዓሞቕቲ ሓፈሻዊ ፖሊሲታት፣ ስልትታትን መደባትን ክቐርፃ ዝሕግዘን ኣህጉራዊ መምርሒታት ዝሓዘ እዩ። ዘስካሕኽሕ ግጭትን ስርዓታዊ ወይ ከቢድ ግህሰት ሰብኣውን መሰል ህዝብታትን ዘለወን ሃገራት ኣፍሪካ ነዞም ዕላማታት ንምዕዋት ከበድቲ ፈተናታት ኣጓኒፍወን እዩ። እዚ ፖሊሲ መሰጋገሪ ፍትሒ ኣባል ሃገራት ሕብረት ኣፍሪካ ነዞም ሸቶታት ብዝተዋደደን ዘላቕነት ብዘለዎን መንገዲ ምእንቲ ኸዐውትኦ ንምሕጋዝ ዕላማ ዝገበረ እዩ።
- ብተወሳኺ እቲ ትካል ኣብ ክሊ መሰጋገሪ ፍትሒ ደገፍ ከመይ ከም ዝገብር ኣንፈት፣ መዐቀኒታት ንምሃብ ዝዓለመ እዩ።

# ዝቐፀለ

- ብሓፈሻ ብድሕሪ ግጭት ወይ ስርዓት ውልቀ መለኸቲ ብምንጋፍ ኣብ ከይዲ ምስግጋር ዘለዋ ሃገራት እቶም ዝተጠቐሱ ስርዒታትን ዓውድታቶምን ኣብ ግንዛበ ብምእታው ግቡእነት ዘለዎም ስልትታት መሰጋገሪ ፍትሒ ብምሕንፃፅ ከተግብርኦ ይግባእ።
- ብስሩዕ ከይዲ ፍትሒ፣ ትካልን መንገድን እንተይኮነ ብናይ መሰጋገሪ ግዜ ባእታታትን መትከላትን መሰረት ክኸውን ይግባእ።

# ፍካሬ መሰጋገሪ ፍትሒ

- መሰጋገሪ ፍትሒ ዝተፈላለዩ ትርጉማትን ኣረዳድኣን እኳ እንተሃለዎ፣ እዞም ዝሰዕቡ ናይ ው.ሕ.መን ሕ.ኣን ትርጉማት ነቲ ኣምር ንምርዳእ ሓገዝቲ ‘ዮም።
- ሓደ ሕብረተሰብ ናብ ስምምዕ ንምብፃሕ ብልሓታትን ከይድታትን ዝሓቖፈ ካብ ሕሉፍ ኣሰር ዓቓን ዘይብሎም ወፅዓታት፤ ተሓታትነት ፍትሒ ንምርግጋፅን ዕርቂ ንምክዋንን ዝገብሮ ፃዕሪ እዩ። ብቤት ፍርድን ካብ ቤት ፍርዲ ወፃእን ዝግበሩ ብልሓታት ክሓቁፍ ዝኽእል ኮይኑ፣ ዝተፈላለዩ ደረጃታት ዓለም-ለኻዊ ኢድ ኣታውነት (ጠቕሊሉ እውን ዘይክህሉ ይኽእል) ከምኡ ‘ውን ውልቀ ኽስታት፣ ካሕሳ፣ ኣለሻ ሓቂ፣ ትካላዊ ዕረያ፣ መኣረምታን ካብ ክሲ ምስንባትን፣ ወይ ድማ ንኹሎም ዝጠርነፈ ክኸውን ይኽእል። (UNSG Report 2004)

# ዝቑፀለ

- ብመሰረት መሰጋገሪ ፍትሒ ሕ.ኣ፡-
  - ❖መሰጋገሪ ፍትሒ ብህለት ማሕበረሰባት ናይ ትማሊ ግህሰታት፣ ምክፍፋላትን ስእነት ማዕርነትን ከሰኩሉን ንድሕነትን ከምኡ ‘ውን ንዲሞክራስያውን ማሕበረ-ኢኮኖምያውን ለውጢ ዘድልዩ ኹነታት ንምፍጣር ክብሉ ኣድላዩ ብዝኾነ ከይዲ ምምኽኻር ዘፅድቕዎም ዝተፈላለዩ ስሩዓትን ባህላውን ወይ ስሩዓት ዘይኮኑ ስጉምትታት ፖሊሲን ትካላዊ ብልሓታት ‘ዮም።

# ባእታታት መሰጋገሪ ፍትሒ

- ፍርዳውን ፍርዳውን ዘይኮኑ
- ብልሓታት ወይ ስልትታት መሰጋገሪ ፍትሒ
- ስሩዕን ባህላውን ወይ ስሩዓት ዘይኮኑ ተባሂሎም ክኽፈሉ ይኽእሉ።

# ባእታታት

- ባእታታት መሰጋገሪ ፍትሒ እዞም ዝስዕቡ ‘ዮም፡-
  - ❖ክሲ
  - ❖ሓቂ ምንዳይ
  - ❖መከላሓሲ
  - ❖ምሕረት
  - ❖ምምሕያሽ ወይ ለውጢ ሕግን ትካላትን

# ክሲ ከም ሓደ ባእታመሰጋገሪ ፍትሒ

- ኣብ ምስግጋር ዘለዋ ሃገራት ንዝሓለፉ ሰብኣውን ህዝባውን መሰላት ግህሰት ተሓታትነት ከስፍና ይግባእ። ምኽንያቱ፡-
  - ❖ፍትሕን ልዕልና ሕግን ንምስፋን ወይ ንምህናፅ
  - ❖ነባሪ ሰላም ንምምፃእን ተመሳሰልቲ ግህሰታት ብምክልኻል ከይድገሙ ኣበርክቶ ንኽገብር
  - ❖ብተወሳኺ 'ውን ናይ ምፅራይ፣ ምኽሳስን ተሓታተነት ምስፋንን ግቡእ ስለ ዘለዎን።

# መን ነየኖት ገበናት ምኽሳስ?


- ኣብ ምስግጋር ዘለዋ ሃገራት ካብ ዘጋጥመን ፈተናታት ሓደ፣ በዝሒ በደልትን ናይቶም ግህሰታት መጠነ-ሰፊሕነትን እዩ።
- እዚ ኹነታት ይትረፍ ዶ ኣብ ምስግጋር ንዘለዋ ሃገራት ኣብ ስሩዕ ኹነታት ንዘለዋ ሃገራት ‘ውን ንኹሎም በደልቲ ብኹሎም ገበናት ይከሰሱ እንተዝበሃል ኣፀጋሚ ዝገብሮ እዩ።
- ኩሎም በደልቲ ተሓትትቲ ምግባር ዘይምረፀሉ ምኽንያት ከቢድ ምዃኑ ጥራሕ ዘይኮነስ ኣብ ሓቅን ዕርቅን ዝተመስረተ ነባሪ ሰላም ንምፍጣር ምኽሳስ በይኑ እኹል ስለ ዘይኮነ ‘ውን ‘ዩ።
- ስለ ዝኾነ ‘ውን ኣብ ምስግጋር ዘለዋ ሃገራት ክኸስኣ ዘለወን ደረጃን ወሰንን በደልቲ ከምኡ ‘ውን ዓይነታት ገበን ክፈልያን ክውስናን ይግባእ።
- ነዚ ‘ውን ዘለወን ግቡኣትን ኩነታተንን ኣብ ግምት ብምእታው ክኸውን ይግባእ።

# ተሓታትነት መስፈኒ መንገዲ፣ መድረኽ፣ ትካል

- ዝተፈላለዩ ተመኩሮታት ኣለዉ፡-
  - ❖ በቲ ናይታ ሃገር ትካላት ፍትሒ፡ ጀርመን
  - ❖ ብግዝያዊ ዓለም-ለኻዊ ቤት ፍርዲ፡ ICTR, ICTY
  - ❖ ውሁድ/ክልቲኡ ዝሓወሰ/ ትካላት ፍትሒ፡ SCS, ECC,
  - ❖ ፍሉይ መጋባእያ፡ EOCS/Habre
  - ❖ ዓለም-ለኻዊ ቤት ፍርዲ ገበነኛታት፡ ICC
- ኣብ ምስግጋር ዘለዋ ሃገራት መብዛሕትኡ ግዜ እሙናትን ዘይሻራውያንን ናይ ፍትሕን ካልኦት ትካላትን ዋሕዲ ስለ ዘለወን፤ ተሓታትነት ተኣማኒ፣ ዘይሻራውን ናፃን ከምኡ 'ውን ፍትሓዊ ከይዲ ፍርዲ ብዘኽብር መልክዑ ንምስፋን ዝሕግዝ ትካላዊ ስልቲ ክሕንፀፅ ይግባእ።
- ብተወሳኺ 'ውን መስፈኒ ኸይዲ ተሓታትነት ናይታ ሃገር ትካላት ፍትሒ ብቕዓትን ዓቕምን ብምምሕያሽ transform ብዝገብር መልክዑ ክኸውን ይግባእ።

# ኣለሻ ሓቂ


TRUTH


Symptom
Symptom
Symptom
Symptom
Symptom
Problem
Cause
Cause
Cause
Cause
Above the surface you can see the **symptoms** of the problem
workfellow
Dig deeper and you find the **root cause** of the problems

# ሓቂ ዕላዊ ምግባርን ዕርቅን፡ ኣድላይነቶምን ስልትን

- ግዳያት ወይ ቤተሰቦምን እቲ ማሕበረሰብ ብሓፈሻ ግልፂ ግህሰት ሰብኣዊ መሰላት ብዝምልከት ሓቂ ናይ ምፍላጥ መሰል ኣለዎም።
- እዚ ብህለት ናይቶም ግህሰታት መሰረታዊ ምኽንያት፣ መልዓሊ፣ መጠን፣ ዓይነት፣ ፈፃሚኡ መዓዝ፣ ኣበይን ከመይን ዝኣመሰሉ ኣፃሪኻ ፈሊኻን ኣረጋጊፅካን ዕላዊ ምግባር፣ ምፍላጥን ኣፍልጦ ምሃብን ዝሓውስ እዩ።
- ብምኳኑ ኣብ ድሕረ-ግጭት ወይ ካብ ውልቀ-መላኺ ስርዓት ኣብ ከይዲ ምስግጋር ዘለዋ ሃገራት ሓቂ ናይ ምንዳይ፣ ምፍላይ፣ ምፍላጥን ኣፍልጦ ናይ ምሃብን ግቡእ ኣለወን።

# ኣድላይነቱን ቁዉምነገሩን

- ሓቂ ምፅራይ፣ ምእላሽን ዕላዊ ምግባርን ግቡእ ሃገራት ካብ ምኳኑ ብተወሳኺ ብዙሕ ጥቕሚ ኣለዎ፥
  - ❖ቁስሊ ንኽሓዩ ኣበርክቶ ይገብር
  - ❖ይቕሬታን ዕርቅን ንምስፋን ርኡይ ግደ ኣለዎ
  - ❖ናይቶም ግህሰታት መሰረታዊ ምኽንያት፣ መልዓሊ፣ እንታይነትን ደረኽቲ ኹነታትን ንምፍላይ ይሕግዝ
  - ❖ከይድገም ይሕግዝ
  - ❖ዛንታታት/ተረኽት ብምፅራይ፣ ንማሕበራዊ ምትእስሳር፣ ንሓድነት ሃገርን ነባሪ ሰላምን መሰረት እዩ።
- ብሓፂሩ ብዘይ ሓቂ ዕርቂ ከሰፍን ኣይኽእልን።

# ስሪት/ዓይነት ሓቂ

- ኣብ መስጋገሪ ፍትሒ ሓቂ ዝበሃል ኣምር ነዞም ዝስዕቡ የመልክት፡-
  - ❖ውልቃዊ ወይ ዛንታዊ ሓቂ
  - ❖ጭብጣዊ ወይ ምጉታዊ/forensic/(microscope truth) ሓቂ
  - ❖ሕብረተሰባዊ ወይ ዘተኣዊ ሓቂ
  - ❖ምሕያውን ናብ ንቡር ዝመልሰን ሓቂ

# ዕርቂ፡ እንታይነት

- ዕርቂ ኩነት ኣይኮነን
- ዕርቂ ሓደ፡
  - ከይዲ → ሸቶ
- ደረጃታት ዕርቂ፡-
  - ውልቃዊ ትካላዊ → ናይ ውልቀ ሰባት → ማሕበራዊ →
- ኣተረጓጉማ ዕርቂ፡-
  - ፀቢብ/ቀጢን
  - ግፍሕ ዝበለ ኣረዳድኣ ወይ ንኹሎም ዝጠቓልል ዓይነት ኣረዳድኣታት ኣለውዎ

# ትካላዊ ኣወዳድባታት መኣለሺ ሓቂ

- በዞም ዝስዕቡ ክኸውን ይኽእል
  - ❖ብስሩዕ ተሓታትነት መስፈሪ መንገዲ
  - ❖ብኮሚስዮናት ሓቅን ዕርቅን ኣቢልካ
  - ❖ብባህላዊ መስፈኒ ዕርቂ ስልትታትን ስርዓተ-ኽብርታትን
- ኣብ ምስግጋር ዘለዋ ሃገራት ናይ ዝሓለፉ ግህሰታት መሰረታዊ ምኽንያት፣ እንታይነት፣ ዓይነት፣ መንነት በደልትን ግዳያትን፣ መዓዝን ከመይን ከም ዝተፈፀመ ሓቂ ንምፅራይን ዕላዊ ንምግባርን ሓቂ መተኣላለሺቲ ኮሚስዮናት ከከም ውሽጣዊ ኩነታተን ኣጣይሸን ‘የን።
- ባህላዊ መስፈኒ ዕርቂ ስርዓተ-ኽብርታትን ስልትታትን ምስ ካልኦት ባእታታት ብምጥማር ወይ ብምቅንጃው ዝተጠቐማ ሃገራት ‘ውን ኣለዋ።

# ኮሚሽዮን መተኣላለሺ ሓቂ

- ኮሚሽዮናት ሓቅን ዕርቅን፤ ፖሊሲ መሰጋገሪ ፍትሒ ሕ.ኣ ኮሚሽዮናት መሰጋገሪ ፍትሒ ብምባል ይገልፆም።
- እንታይነቶም እንተብርህ ድማ፡-
  - ❖ፖሊሲ መሰጋገሪ ፍትሒ፤ ባእታ ሓቂ፣ ፍትሕን ዕርቅን ዘስካሕኽሕ ግጭትን ስርዓታዊ ወይ ከቢድ ግህሰት መሰላት ሰብኣውን ናይ ህዝብን ታሪኽ ኣብ ዘለዎም ማሕበረ-ሰባት ምርመራታት ዝግበሩሎም ምስ ምድላው ህዝባዊ ከይድታት ዝዛመድ እዩ። እዚ ዝትግበር ‘ውን እቶም ግህሰታትን መጥቃዕትታትን ንምምርማርን ንምፍታሕን ዝተመስረቱ ሕጋዊ ሰውነት ብዘለዎም ብኮሚሽዮናት መሰጋገሪ ፍትሕን ዕርቅን ኣቢሉ ይኽውን።

# ዝቐፀለ

- ፀብፃብ ዋና ፀሓፊ ው.ሕ.መ ንኮሚስዮናት ሓቂ ከም ዝስዕብ ይገልፆ፡-
  - ❖ዕላዊ፣ ግዝያዊ፣ ወፃኢ ካብ ቤት ፍርዲ ዝኾኑ ኣለሽቲ ሓቂ ኣካላት ኣብ ነዊሕ ግዜ ዝተፈፀሙ ከይዲ ግፍዕታት ሰብኣዊ መሰላት ወይ ሕጊ ሰብኣውነታዊ ዝምርምር እዩ።

# መለለዩ ኮሚስዮናት ሓቂ

- ልዕሊ 50 ኮሚስዮናት ኣብ ዝተፈላለዩ ሃገራት ተጣይሾም ‘ዮም።
- እዞም ኮሚስዮናት
    - ❖ብሽሞም
    - ❖ብዝተጣየሸሉ ኸይዲ
    - ❖ብዝተጣየሸሉ ሕጊ
    - ❖ስርሖም
    - ❖ስልጣኖም
    - ❖ብበዝሕን ተዋፅኦን እቶም ኮሚስንዮራት
    - ❖ከምኡ ‘ውን ብኻልኦት ጉዳይ ይፈላለዩ ‘ዮም።

# ዝቐፀለ

- እዞም ዝስዕቡ ጠባያት ተመሳሰልቲ ይገብርዎም፡-
  - ❖ግዝያዊ ምኺኖም
  - ❖ዝሓለፉ ግህሰታት፣ በደላት፣ ምክፍፋላትነ፣ ቅርሕንትታትን የፃርዩ፣ ዕላዊ ብምግባር ይስንዱ
  - ❖መሰረታዊ ምኽንያት እቶም ግህሰታት፣ ቅጣምባር፣ ዓውዲ፣ እንታይነት፣ መዓዝ፣ ኣበይ፣ ከመይ፣ መንነት ፈፀምትን ግዳያትን ብምፍላይ ነቲ ሓቂ ብሙሉኡ ብምውፃእ ንሓበራዊ ሃገራዊ ዛንታ/ተረኽ የበርክቱ
  - ❖ግዳያት፣ ፈፀምትን ህዝብን ማእኸል ዝገበሩ እዮም
  - ❖ይቕሬታ፣ ዕርቂ፣ ማሕበራዊ ምትእስሳርን ሃገራዊ ሓድነትን ኣብ ምድንፋዕ ይሰርሑ፡፡

# ኮሚስዮናት ሓቂ ቀንዲ ተግባራቶም ዝሰርሕሎም ኸይድታት

- ስርሖም በቲ ዘጣይሾም ሕጊ ዝውሰን 'ኳ እንተ'ኾነ ኮሚስዮናት ሓቅን ዕርቅን ነዞም ዝስዕቡ ዋና ተግባራት ብምግባር ሓላፍነቶም ክፍፅሙ ይ'ኽእሉ።
    - ❖ቃል ም'ቅባል፡ ካብ ግዳያት፣ በደልቲ፣ መሰ'ኻ'ክር፣ ትካላትን ማሕበረ-ሰብን ቃል ይእክቡ
    - ❖ሓበሬታን መርትዖን ብምእካብ ይምርምሩ፣ የፃርዩ
    - ❖ምስማዕ፡ ዝያዳ ብግልፅን ብቐጥታን ንህዝቢ ብዝብፅሕ መልክዑ፣ ኣድላዩ እንተ'ኾይኑ ብዕፁው ይሰምዑ።
    - ❖ንግዳያት ኣፍልጦ ክወሃብ፣ ደገፍ ክግበር ወይ ካልእ ኣገዳስነት ዘለዎም ነቲ መጉዳእቲ ንም'ኽሓስ ዝሕግዙ ውሳነታት ን'ኽህቡ ለበዋ የ'ቕርቡ፣ ከምኡ 'ውን
    - ❖ 'ቶም ግህሰታት ከይድገሙ ንምግባር ዝሕግዙ ናይ መአረምታን ምምሕያሽን ስራሕቲ ን'ኽሰርሑ ለበዋ የ'ቕርቡ

# ንኮሚስዮናት ሓቂ ዕዉትነት ወሰንቲ ዝኾኑ ጉዳያት

- ኮሚስዮናት ዕዉታት ንኽኾኑ ዝሕግዙ መነፃፀርትን ቀንዲ መዐቀንታትን እዞም ዝስዕቡ ‘ዮም፡
  - ❖ከይዲ ምጥያሾም ኣሳታፊ፣ ሓቛፊ
  - ❖ኣመራርፃ፣ ተዋፅኦ፣ ዘይሻራውነት እቶም ኮሚስዮነራት
  - ❖ስራሕን ሓላፍነቶምን
  - ❖ስልጣኖም
  - ❖ተበፃሕነት፣ ግልፅነት
  - ❖በጀትን ትካላዊ ናፅነትን
  - ❖ዓውዲ
  - ❖ቀራፅነት
  - ❖ትግባረ

# ኮሚስዮናት ሓቂ፥ ካብ ኣርጀንቲና ክሳብ ዘ ጋምብያ

- ኣርጀንቲና፥-ሃገራዊ ኮሚስዮን ኣብ ዝጠፍኡ ሰባት
- ቺለ፥- ሃገራዊ ኮሚስዮን ንሓቅን ዕርቅን
- ፔሩ፥- ኮሚስዮን ሓቅን ዕርቅን
- ደቡብ ኣፍሪካ፥- ኮሚስዮን ሓቅን ዕርቅን
- ሴራልዮን፥- ኮሚስዮን ሓቅን ዕርቅን
- ላይበርያ፥- ኮሚስዮን ሓቅን ዕርቅን
- ኬንያ፥- ኮሚስዮን ሓቂ፣ ፍትሕን ዕርቅን
- ዘ ጋምብያ፥- ኮሚስዮን ሓቂ፣ ዕርቅን ካሕሳን

# ዘ ጋምብያ፡- ኮሚሽዮን ሓቂ፣ ዕርቅን ካሕሳን




- ብ2017 ኣ.ፈ ተጣይሹ
- ስልጣን ግዜ ገደብ ካብ 1994-2017 ኣ.ፈ
- 1500 ቃል ኣኪቡ
- ብ2021 ኣ.ፈ ጠቕላላ ሪፖርት ኣቕሪቡ

# ደቡብ ኣፍሪካ፡- ኮሚሽዮን ሓቅን ዕርቅን




- ዘበን ስራሕ እቲ ኮሚሽዮን 1995-2002 ኣ.ፈ
- 17 ኮሚሽዮነራት
- 22,000 ቃል

# Gacaca Court ቤት ፍርዲ ጋካካ



# ዩጋንዳ



# ምሕረት

- ኣብ ቅድመ ኹነት ዝተመስረተ ምሕረት ከም ሓደ ባእታ መሰጋገሪ ፍትሒ ይረአ
- ኣብ ቅድመ ኹነት ዘይተመስረተ ምሕረት ወይ ብድፍኑ ዝወሃብ
  - ❖ምስ ግቡእ ሃገራት
  - ❖ምስ መሰል ግዳይ ዘይሳነ ካብ ምኳኑ ንላዕሊ
  - ❖ኣብ ዕርቅን ፍትሕን ዝተመስረተ ነባሪ ሰላም ንምምስራት ዕንቅፋት 'ዩ።
- ስለ ዝኾነ ኣብ ምስግጋር ዘለዋ ሃገራት ኣብ ቅድመ ኹነት ዘይተመስረተ ምሕረት ክህባ ኣይግባእን

# ቅድመ ኹነታት ምሕረት

- ምሕረት ከም ሓደ መሰጋገሪ ፍትሒ እንትውዕል እዞም ዝስዕቡ ቅድመ ኹነታት ክሓቁፍ ይግባእ/ይኽእል
  - ❖ክብደትን ትሕዝቶን እቶም ገበናት
  - ❖ደረጃ ተሳትፎ እቶም በደልቲ
  - ❖ሓቂ ምዝራብን ምንሳሕን
  - ❖ምትሕብባር
  - ❖ምኽሓስ

# ትካላዊ ኣካይዳ ኣወሃህባ ምሕረት

- ቅድሚ ኽስን ፍርድን?
- ድሕሪ ፍርዲ?
- ብኮሚስዮናት ሓቂ
  - ናይ ምሃብ
  - ለበዋ ናይ ምቕራብ
- ኣወሃህባ ምሕረት ምስ ካልኦት ባእታታት ዝመጋገብን ዝወሃሃድን ክኸውን ኣለዎ።

# መኸሓሓሲ

- መኸሓሓሲ ንግዳያት መፍትሒ ናይ ምሃብ ኣካል 'ዩ።
- ብምኽሕሓስ ሓደ ሓደ ስልትታት መሰጋገሪ ፍትሒ ነዞም ዝስዕቡ ክሓቁፍ ይኽእል
  - ❖ ናብ ንቡር ምምላስ
  - ❖ ካሕሳ፡ ንውልቀ/ንሓባር፣ ብጥረ ገንዘብ/ዓይነት
  - ❖ መትከሊ እግሪ
  - ❖ ዕግበት
- መኸሓሓሲ ብገንዘብ ምሕጋዝ/ፋይናንስ ምግባር
- ፈንድ ግዳያት
- ብዝተፈላለዩ መንገድታት ገንዘብ ምትእኽኻብ፣ ፍሉይ ግብሪ ምብያን፣ ካብቲ ዝውረስ ንብረት ብኸፊል ነዚ ዕላማ ምውዓል፣ ክፍሊት ልቓሕ ንመኸሓሓሲ ክውዕል ምዝርራብ
- ደገፍ ዓለም-ለኻዊ ትካላትን ሃገራትን

# ምምሕያሽ፡- ሕግን ትካላትን

- ሰብኣዊ መሰላት ኽንገሃሱ ዘኽኣሉ፣ ዝተሓባበሩ ወይ ክከላኸሉ ዘይክኣሉ ትካላት ወይ ንዕኡ ዘኽኣሉ ጨቆንቲ ሕግታት ግቡእ ምምሕያሽን ለውጥን ምግባር ምእንቲ ኸይድገሙ ዓብዩ ግደ ኣለዎ።
- ብፍላይ ምምሕያሽ ትካላት ንነባሪ ሰላም፣ ዕርቅን ልዕልና ሕግን ምኽባር ወሳኒ እዩ
  - ❖ ትካላት ፍትሒ፣
  - ❖ ድሕነት
  - ❖ ሚድያን ዝኣመሰሉን ትካላት ቀዳምነት ሂብካ ምስራሕ ኣገዳስነት ኣለዎ
- ኣብ ግጭት፣ ግህሰታት፣ ኣብቲ ጨቋኒ ስርዓት ርኡይ ግደ ዝነበሮም ትካላት ምምሕያሽ ከም፥

# ዝቐፀለ

- እቱ ትካላዊ ለውጢ ብኣወዳድባ ጥራሕ እንተይተውወሰነ ኣብ ዝሓለፉ ጎሊሆም ዝረኣዩ ግህሰታት ሰብኣዊ መሰል በቐጥታ ይኹን ብተዘዋዋሪ ግደ ዝነበሮም ውልቀሰባት ግቡእ ናይ ምፍላይ፣ ምፅራይን ስጉምቲ ምውሳድን ስራሕ የድሊ
- እዙይ ኣብ ዝግበረሉ ናይቶም ውልቀሰባት ናይ ምስማዕ መሰልን ካልኦት መሰረታዊ መትከላትን ብዘኽብር መልክዑ ክኸውን ይግባእ።
- ትካላዊ ኣካይዳ
  - ❖ናይ መፍለዪ ትካል ብምጥያሽ
  - ❖ለበዋ ኮሚስዮናት ሓቂ

# መትከላት መሰጋገሪ ፍትሒ

- ነቲ ዝተደለየ ውፅኢት ዘምፅእ መሰጋገሪ ፍትሕን ኣለባታትን ብምሕንፃፅን ኣብ ከይዲ ሰራሕ ምውዓልን እዞም ዝስዕቡ መሰረታዊ መትከላት ክኽበሩ ኣለዎም፡
  - ❖ ኣሳተፍትን ሓቓፍትን፡ ካብ ምጅማር ክሳብ ምትግባር (ግዳያትን ካልኦትን ዘማእኸለ)
  - ❖ ዓውዲ ተኮር
  - ❖ ሃገራውን ከባብያውን በዓል ዋና
  - ❖ ኩለ-መዳያዊ/ንኹሉ ዝሓቖፈን ተመጋጋብን ስልትታት ምሕንፃፅ
  - ❖ ሚዛን ምሕላው፡ ቀድም ሰዓብ
  - ❖ ናይቶም ተዋሳእቲ ምትሕብባርን ምትእስሳርን ምፍጣር
  - ❖ ድሌትን መጉዳእትን ተቓላዕቲ ኽፋላት ሕብረተሰብ ዘፅንዕ
  - ❖ ሰብኣዊ መሰላት ብዘኽብርን ክኽበሩን ብዘግብር መልክዕ ምሕንፃፅን ምትግባርን

# ተመኩሮ መሰጋገሪ ፍትሒ ኣብ ኢትዮጵያ

- ካብ ክሲ ክሳብ ኮሚሽዮን ዕርቀ-ሰላም

# መሰጋገሪ ፍትሒ ኣብ ኢትዮጵያ

- ሃገርና ኣብ ዝተፈላለዩ እዋናት ብዝተፈላለዩ ከይድታት መሰጋገሪ ሓሊፋ እያ
- ኣብዞም እዋናት ዝተፈላለዩ ባእታታት መሰጋገሪ ፍትሒ ተግባራዊ ንምግባር ተፈቲኖ እዩ
  - ❖ድሕሪ ደርጊ፡ ኣብ እዋን ደርጊ ንዝተፈፀሙ ግህሰታት
  - ❖ድሕሪ ኢህወዴግ

# ድሕሪ ደርጊ ዝተተግበሩ ባእታታት

- ኣብ እዋን መግዛእቲ ደርጊ ንዝተፈፀሙ ግህሰታት ዝተወሰዱ ባእታታት መሰጋገሪ ፍትሒ፣
  - ❖ብቐንዱ መጠነ-ሰፊሕ ክሲ እዩ
  - ❖ብውሱን መልክዑ መግለፅታት መከሓሓስን
  - ❖ኣብ ሕግን ትካላትን ለውጥታት 'ውን ነይሮም

# ክሲ ከም ቀንዲ መሰጋገሪ ፍትሒ ኣላባ



- ብቑፅሪ ኣዋጅ 22/1985 ቤት ፅሕፈት ፍሉይ ዓቃብ ሕጊ ተጣይሹ
- ስርሑ'ውን፡ ሰበ-ስልጣናት ደርጊ ዝፈፀምዎም ገበናት ንምምርማር፣ ክሲ ምምስራትን ክቕፅዑ ምግባርን ነይሩ
- ልዕሊ 3,000 ውልቀሰባት ብዝተፈላለዩ ገበናት ኣብ ስሩዕ ቤት ፍርዲ ኣቕቢዖ
- እቶም ልዕሊ 1,000 ብዓሌት ምፅናትን ካልኦት ገበናትን ተፈሪድዎም
- ብይቕረታ ተሰዲዶም
- ብኣመክሮ?

# ሕፀረታቱ

- ድሕሪ ደርጊ ዝተገበረ ከይዲ ብመንፅር መተከላትን ባእታታትን መሰጋገሪ ፍትሒ ኽንርእዮ እንተለና እዞም ዝስዕቡ ጎደሎታት ነይሮም
  - ኣብ ክሲ ዘድሃበ ምኳኑ
    - ❖ስልትታት መሰፈሪ ሓቅን ርትዕን፣
    - ❖መከላሓሲ (ንይቕረታ ሓዊሱ)
    - ❖ኣብ ምፅራይን ምፍላይን ዝተመስረተ ትካላዊ ምምሕያሽ፣ ከምኡ 'ውን
    - ❖መሰረታዊ መትከላት (ንኣብነት ኣሳታፍን ዓውዲ ተኮርን) መሰረት ዝገበረ ኣይነበረን
    - ❖"ፍትሒ" ሰዓራይ
    - ❖ብመንፅር ምስፋን ፍትሒ ክረአ እንተሎ እውን ፀገማት ሕግን ትካላትን ነይሮም

# ድሕሪ ኢህወዴግ ዝተወሰዱ ባእታታት መሰጋገሪ ፍትሒ

- ኣብ 2010 ብዝተገብረ ከይዲ ምስግጋር ስዒቡ ዝተፈላለዩ ባእታታት መሰጋገሪ ፍትሒ ተተግቢሮም ‘ዮም

ይቕሬታ፡ መንግስቲ ፈጣሪ ራዕዲ ከም ዝነበረ

ምሕረት

ክሲ

ኮሚሽዮን ዕርቀሰላም

ምምሕያሽ ሕግን ትካላትን

# ሕፀረታት፣ ጎዶሎታት

- ድሕሪ ኢህወዴግ ዝተተግበሩ ባእታታት ዝተፈላለዩ ሕፀረታት ኣለውዎም



  - ዝተቖናጀዉን ዝተዋደዱን ኣይነበሩን



- ክሲ ዝምልከት
  - ኣብቶም ዝነበሩ ትካላት ፍትሒ እኹል ምምሕያሽ እንተይተገብረ ንዝሓለፉ ጥሕሰታት ክርእዩ ዝተገብሩ ምኳኖም
  - ኣብ ውሑዳት በደልቲ ዘድሃበ ምኳኑ
  - ምስ ኣሰራርዓ ሕጊ ዝተትሓዘ ፀገም ከም ሕፀረት ክጥቀሱ ይኽእሉ

# ምስ ዕርቀ-ሰላም ዝተተሓሓዙ ጎደሎታት

ኮሚሽን ዕርቀ-ሰላም ኢትዮጵያ
ፀሎት ዕርቀ-ሰላም

ኦ ፈጣሪ

መሳርሒ ሰላም ክንከውን ግበረና።
ፅልኢ ኣብ ዘለዎ ፍቕሪ፤
በደል ኣብ ዘለዎ ይቕሬታ፤
ክትዕ ኣብ ዘለዎ ስምምዕ፤
ምጥርጣር ኣብ ዘለዎ ምትእምማን፤
ሓዘን ኣብ ዘለዎ ሓጎስ፤
ፀልማት ኣብ ዘለዎ ብርሃን፤
ምእንቲ ኸርከብ  ኸንገብር ኣብቅዓና።

ኦ ፈጣሪ፣


ኣብ ሞንጎ ህዝብና ዕርቂ ይውረድ፤
ሰላም ይስፈን፣
ሃገርና ኢትዮጵያ ባርኽልና ሓልወልና
-ኣሜን-!!

# ዝቐፀለ

- ሽሕ'ኳ ኮሚስዮን ዕርቀ-ሰላም ምጥያሹ ይበል ዘብል ንሃገርና ናይ ፈለማ ኹርዓት እንተኾነ፤ እቲ ኮሚስዮን ብመንፅር መሰጋገሪ ፍትሒ እዞም ዝስዕቡ ሕፅረታት ነይሮሞ፥
  - ❖ ከይዲ ምጥያሹ ኣሳታፊ ኣይነበረን
  - ❖መረፃ እቶም ኮሚሽነራት እውን ኣሳታፊ ኣይነበረን
  - ❖ኣመራርፃን ረቛሕን ኮሚሽነራት ዘይምንፃሩ
  - ❖ግዚኦም ሙሉእ ክህቡ ዘይተገብረ ምዃኑ
  - ❖ተግባር እቲ ኮሚስዮን ብግልፂ ዘይተደንገገ ምዃኑ
  - ❖ምስ ስልጣን እቲ ኮሚስዮን ዝተተሓሓዙ ጉዳያት
  - ❖ምስ ዓውድን ደረኽቲ ኩነታትን ዝተተሓሓዙ ዋኒናት ተጠቀስቲ 'ዮም።

# ዝቐፀለ





የኢትዮጵያ ፌዴራላዊ ዲሞክራሲያዊ ሪፐብሊክ
የህዝብ ተወካዮች ምክር ቤት
አፈ ጉባዔ ጽ/ቤት
THE HOUSE OF PEOPLES' REPRESENTATIVES
OF THE FEDERAL DEMOCRATIC REPUBLIC OF ETHIOPIA
OFFICE OF THE SPEAKER

ቀን Date 07 6-14
ቁጥር Ref. No ህተም/ኮ12/03

ለእርቀ ሰላም ኮሚሽን
አዲስ አበባ

ጉዳዩ፡- የሥራ ዘመን መጠቃለልን ይመለከታል፤

እንደተጠቀሰው በሀገራችን ለበርካታ ዓመታት በተለያዩ ማህበረሰባዊ እና ፖለቲካዊ ጉዳዮች ምክንያት በህዝቦች መካከል የተደራረቡ የቁርሾ ስሜቶችን ለማከም፣ የሰብዓዊ መብት ጥሰት እና ሌላ በደል ተጠቂዎች የሆኑ በደላቸውን የሚናገሩበት በደል አድራሾቹ የሚፀፀቱበትና ይቅርታ የሚጠይቁበት፣ ችግሮችንና ዝንፈቶችን በዘላቂነት ለመፍታት የሚያስችል እውነትና ፍትህ ላይ መሠረት ያደረገ እርቅ ማውረድ አስፈላጊ መሆኑ ስለታመነበት ይህን ተግባር ወስዶ የሚሠራ ተቋም ማቋቋም አስፈላጊ በመሆኑ በአዋጅ ቁ1102/2011 የእርቀ ሰላም ኮሚሽን መቋቋሙ ይታወሳል፡፡

ከተቋቋመበት ጊዜ አንስቶ ላበረከቱት አስተዋጽዖ እያመሰገንን በዚህ አዋጅ አንቀፅ 14 ንዑስ አንቀፅ /1/ ላይ በግልፅ እንደተቀመጠው የኮሚሽኑ የሥራ ዘመን እንደሁኔታው ካልተራዘመ በስተቀር በ3 ዓመታት ብቻ መሆኑን የሚደነግግ ስለሆነና አዋጁ ከፀናበት ታህሳስ 16 ቀን 2011 ዓ.ም ጀምሮ እስከ አሁን 3 ዓመታት የተቆጠሩና የኮሚሽኑ የሥራ ዘመንም የተጠናቀቀ በመሆኑ የማጠቃለያ እና ማጠናቀቂያ ሪፖርቱን ለሚመለከታቸው አካላት እንዲያቀርብ እናሳስባለን፡፡

ከሠላምታ ጋር

ታገሰ ጫፎ
የምክር ቤቱ አፈ ጉባዔ

እንዲያውቁት
- ለፌዴሬሽን ም/ቤት
- ለጠቅላይ ሚኒስትር ጽ/ቤት
- ለሰላም ሚኒስቴር
- ለገንዘብ ሚኒስቴር

አዲስ አበባ

የኢትዮጵያ ፌዴራላዊ ዲሞክራሲያዊ ሪፐብሊክ የሕዝብ ተወካዮች ምክር ቤት

አራት ኪሎ፣ ቅድስት ሥላሴ ካቴድራል፣ ፓርላማ ሕንፃ
አዲስ አበባ፣ ኢትዮጵያ
Arat Kilo, Holy Trinity Cathedral, Parliament Building, Addis Ababa, Ethiopia
ስልክ. Tel. +251-111-241000
ፋክስ. Fax. +251-111-241004
ዌብ. Web. www.hopr.gov.et

# ዝቐፀለ

ዕለት 04/06/14
**ቁፅሪ ህተም**/ኮ12/03

**<u>ንኮሚሽን ዕርቀ-ሰላም ኣዲስ ኣበባ</u>**

*ዋኒን፦* **<u>ብዛዕባ ምውዳእ ዘበን ስራሕ ይምልከት</u>**

**ከም ዝተጠቐሰ ኣብ ሃገርና ንብዙሓት ዓመታት ብምኽንያት ዝተፈላለዩ ማሕበራውን ፖለቲካውን ግጭታት ኣብ ሞንጎ ህዝብታት ዝተደራረቡ ቕርሕንትታትን ስምዒታትን ንምሕካም፣ ግህሰት ሰብኣዊ መሰላትን ግዳይ ካልእ በደል ዝኾኑን ዝበፅሖም በደል ዝዛረብሉ፣ በደልቲ ዝናስሕሉን ይቕሬታ ዝሓቱሉን፣ ፀገማትን ምዝባዓትን ብቐፃልነት ንምፍታሕ ዘኽእል ሓቅን ኣብ ፍትሒ ዝተመስረተ ዕርቒ ምውራድ ኣድላዩ ምኻኑ ስለ ዝተኣመነሉ፣ ነዚ ሓላፍነት ወሲዱ ዝሰርሕ ትካል ምጥያሽ ኣድላዩ ብምኻኑ ብቑፅሪ ኣዋጅ** 1102/2011 **ኮሚሽን ዕርቀ-ሰላም ምጥያሹ ዝፍለጥ ‘ዩ።**

**ካብ ዝተጣየሸሉ ግዜ ጀሚሩ ንዝገበርኩሞ ኣበርክቶ እንዳመስገንና በዚ ኣዋጅ ዓንቀፅ** 14 (1) **ብግልፂ ከም ዝተቐመጠ ስራሕ ዘበን እቲ ኮሚሽን ከም ኩነታቱ እንተዘይተናዊሑ** 3 **ዓመት ጥራሕ ምኻኑ ዝድንግግ ስለ ዝኾነን እቲ ኣዋጅ ካብ ዝፀንዓሉ** 16/04/2011 **ዓ.ም ጀሚሩ ካሳብ ሀዚ** 3 **ዓመት ዝተቐፀረን ስራሕ ዘበን እቲ ኮሚሽን ‘ውን ዝተዛዘመ ብምኻኑ ናይ መጠቓለልን መዛዘምን ፀብፃብ ንዝምልከቶም ኣካላት ከቕርብ ነተሓሳስብ።**

ምስ ሰላምታ
ታገሰ ጫፎ
ኣፈ ጉባኤ ባይቶ ወከልቲ ህዝቢ

**ቅዳሕ**

- ንቤት ምኽሪ ፈደሬሽን
- ንቤት ፅሕፈት ቀዳማይ ሚኒስተር
- ንሚኒስትሪ ሰላም
- ንሚኒስትሪ ገንዘብ

**<u>ኣዲስ ኣበባ</u>**

# ምስ ምምሕያሽ ትካላት ብዘራኸብ

- ምስ ምምሕያሽ ትካላት ብፍላይ ምስ ፍትሕን መራኸብቲ ሓፋሽን ብዝራኸብ መትከላት መሰጋገሪ ፍትሕን ከይድቃት ምምሕያሽን ዝተኸተለ ለውጢ ኣይነበረን።
- ኣገዳስነት ዘለዎም ናይ ምፍላይ፣ ምፅራይን ምእራምን ስራሕቲ ኣይተተግበሩን።

# መጠቓለሊ

- ሃገርና ኣብ ዝተፈላለዩ ግዜ ብኸይዲ ምስግጋር እኳ እንተሓለፈት ብዝተማልአ መልክዑ ከይዲ መሰጋገሪ ፍትሒ ተተግቢሩ ኣይፈልጥን
- ኣባህላ ‘ውን ዝሓለፉ ርኡያት ግህሰታት ሰብኣዊ መሰላት፣ መበገሲ በደላትን ጭቆናታትን፣ እንታይነት፣ ዓይነት፣ መጠን መጉዳእቲ ብእኹል መንገዲ ብምፅራይ፣ ሓቂ ብምውፃእን ኣፍልጦ ብምሃብን፣ ተሓታትነት፣ ኣብ ይቕሬታን ፍትሕን ዝተመስረተ ዝተማልአ ኸይዲ ኣይተሰርሐን
- ስለ ዝኾነ እውን ዝሓለፉ መጠነ-ሰፋሕትን፣ ጉሉህ ግህሰት ሰብኣዊ መሰላትን፣ ቅርሕንትታት፣ በደላት፣ ተረኻትን ካልኦት ኢ-ፍትሓዊ ኣሰራርሓታት ብዝግባእ መፍትሒ ሂብካን ፈቲሕኻን፣ ኣብ ሓቂ፣ ፍትሕን ዕርቅን ዝተመስረተ ዲሞክራሰያዊ ሃገር ንምፍጣር ጋና ብዙሕ ዕዮ ገዛ ይተርፍ
- ስለ ዝኾነ እውን ተመሳሳልን ተደጋጋምን ግጭታትን ግህሰታትን ከይድገም ዘይምኽኣሉ ጥራሕ ዘይኮነ ማሕበራዊ ክብርታትን ካልኦት ዘተኣሳስሩ መግለፅታት ሓድነት እናተጓሕጉሑ መፂኦም።

# The Promise of Never Again …

- መቅበዓ ፈፂሙ ከይድገም



# የቐንየልና

Thank you!